# ንምዕጣቅ ምስራሕ
# ሕክምና ጸረ ሱር ዝሰደድ ህዋስ

## ብብሮነር ጎንካልቭስ

አብ ታሪኽ ሕክምና እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኲይኑ ዘሎ ምዕባለ ፍወሳ ጸረ እዚ ሱር ዝሰደደ ህዋስ ኢዩ። ብኣንቲ ረትሮቫይራል ተራፒ (ART) ድማ ይፍለጥ። እዚ እቲ ቐንዲ ሕክምናዊ ክንክን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኢዩ። እቲ ኣገዳሲ ክንግንዘቦ ዝግብኣና ግና ምሉእ ፍወሳ ኣይኲነን። ይኹን እምበር ምዕባለ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ. ለዊጡ ኢዩ።

እዚ መድሃኒት እዚ ንዑደት ሂወት ኤች.ኣይ.ቪ. ክገጥም ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝተሃንደሰ ኢዩ። እቶም ቐንዲ ኣሃዱታት መድሃኒት ጸረ ኤች.ኣይ.ቪ፣ ኒክሎሳይድ ወይ ኒክሎታይድ ሪቨርሰ ትራንስክሪፐታስ ኢንሂቢተርስ፡ ሊክሎሲደ ዘይኰኑ ሪቨርሰ ትራንስክሪፐታስ ኢንሂቢተርስ፡ ፕሮተስ ኢንሂቢተርስን ፉዥን ወይ ኢንትሪይ ኢንሂቢተርስን ኢዮም። እቶም ንፈለማ ኣብ መወዳእታ ሰማንያታት ዝማዕበሉ ጸረ እዚ ሱር ዝሰደደ ህዋስ ሓደ ክፋል መድሃኒታት ኒክሎሲይድስ ነይሮም። ብዝሓሸ ብሂወት ንምንባር ዘኽእል ዝተመሓየሸ ብክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ መድሃኒታት ዝተወሃሃደ ፍወሳ ብክኢላታት ዝተማህዘ ግና ኣብ ተስዓታት ኢዩ። ካብ ሓደ ዓይነት መድሃኒት ንላዕሊ እዚ መድሃኒት ሓዋዊስካ ምግጥሙ ዝያዳ ውጺታዊ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ብዝቐልጠፈ ንኤች.ኣይ.ቪ. ስለ ዘዳኽሞን ተጻዋርነት መድሃኒት ብዝለዕለ ደረጃ ስለ ዘማዕበለን ኢዩ። ንምሕካም እዚ ሱር ዝሰደደ ህዋስ፣ ካብ ሓደ ዓይነትን ብዝተሓዋወሰ መድሃኒታት ዝተቐመሙን ካብ 20 ንላዕሊ ዝኾኑ ዓይነታት መድሃኒት ሕጋውያን ኰይኖም ኣለዉ።

ኣድላይነት እዚ ፍወሳ እዚ፣ ብክሊኒካት ብዝተገብረ ዳህሳስ፡ ክብደት እቲ ቫይረስን ብCD4+ ዝፍለጥ ቆጸራን ኢዩ ዝውሰን። እዚ ፍወሳ ክካየድ ወይ ናብ ካልእ እዋን ክሰጋገር እዞም ሰለስተ ረቛሒታት እዚኣቶም ወሰንቲ ኢዮም። ሓደገኛነት ኤይድስ ብመንጽር ክብደቱን ንነዊሕ ዝጠመተ ምረዛን ተጻዋርነንት እዚ ህዋስ ክርአ ግድን ኢዩ። እቲ መብዛሕትኡ ግዜ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘለዎም ሰባት ክርድኡዎ ዘጸግም፣ ነብሲ ወከፍ ተሰካሚ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝኾነ ሰብ ህጹጽ ፍወሳ የድልዮ ማለት ዘይምዃኑ ኢዩ። ብኻልእ ወገን ድማ፣ ገለ ሕሙማት ነዚ ፍወሳ እዚ ልክዕ ከም ኤይድስ ኢዮም ዝፈርህዎ። እዚ ሕክምና እዚ ክጅምሩ ከለዉ ሂወቶም ናብ መወዳእታ ገጹ የምርሕ ኣሎ ማለት ኢዩ ኢሎም ይሓስቡ። እዚ ሓቅነት የብሉን። ካልኦት እዚ ፍወሳ ዝወስዱ ሕሙማት ዝሓስብዎ ድማ ክሰርሑ ከም ዘይክእሉን መድሃኒታት ክወስዱ ኣብ ሆትስፒታል ነዊሕ ግዜ ከም ዘጥፍኡን ኢዩ። እዚ እውን ግጉይ ኣተሓሳስባ ኢዩ። እዞም መድሃኒታት እዚኣቶም ከም ካልእ መድሃኒት ዝውሰዱን እቲ ልሙድ ንቡር ሂወት ቅድሚ መድሃኒት ምውሳድካ ዝነበረ ክትመርሕ ዘየጸግሙን ኢዮም።

እዞ መድሃኒታት እዚኣቶም መኣስ ኢዮም ክቕየሩ ዘለዎም፤ ብሓርፋፍ ገምጋም ኣብ 50 ሚእታዊት ዝኾኑ ሕሙማት ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ክረአ ልሙድ ኢዩ። ነዚ ድማ ሰለስተ ምኽንያታት ኣለዉ። ጽንኩር ጎድናዊ ሳዕቤናት ከም ጽኑዕ ውጽኣት፡ ፖሊነውርፓትይ፡ ጽንኩር ኣነምያ፡ ፓንክረታይትስን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ሕማማት፣ ፍሽለት ህዋሳዊ ክንክንን ዝነውሐ ምምራዝን ኢዮም።

ምትእትታው እዞም መድሃኒታት እዚኣቶም ንፍወሳ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ብምምሕያሽ ሂወት ብዙሓት ዝተለኽፉ ሰባት ክናዋሕ እኳ እንተ ሓገዘ፣ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ክፋል ዓለም ክርከብሲ ዋጋ ዓቢ ዕንቅፋት ኰይኑ ኣሎ። ብመሰረት ሓበሬታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣሃዱ ኤይድስ 2006፣ ኣብ ዓለም 39.5 ሚሊዮን ህዝቢ ብኤች.ኣይ.ቪ ተለኺፎም ነይሮም። መብዛሕትኦም ከኣ ኣብ ትሒት ኣታዊ ዘለወን ሃገራት ይነብሩ።  ኣዝዩ ዝወሓደ ክፋል እዞም ሕሙማት ከኣ ኣንቲ-ሪትሮቫይራል ይወስዱ። ንውጽኢታዊ ክንክን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ፍወሳ ጸረ ሱር ዝሰደደ ህዋስ ኣማራጺ ኢዩ። እንተ ደኣ ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኰይኖም ዝነበሩ ሰባት እዚ ፍወሳ ክረኽቡ ዕድል ዘየብሎም ዝሓጸረ ዕምሪ ይህልዎም ማለት ኢዩ።